# ስርዓት ኢሳያስ፥ ናይ ህዝቢ ትራክተራት ዘሪዑ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
16.07.2009

ሕርሻዊ ንጥፈታት ብመንግስቲ'ዩ ዝምእከል ብዝብል ምስምስ፥ ስርዓት ኢሳያስ፥ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ናይ ህዝቢ ትራክተራት ዘሪዑ። ክሳብ ሕጂ ድማ፥ እቲ ስርዓት ንኣገባብ ኣጠቓቕማ ናይ'ዘን ትራክተራት ዝምልከት ዝኾነ ይኹን መምርሒ ኣየምጽአን። ብሰንኪ'ዚ፥ መሬት ከይተሓርሰ፥ ክራማት ከይውዳእ ዝብል ከቢድ ስግኣትን ቊጥዐን ኣብ ህዝቢ ሰፊኑ ኣሎ።

ህዝቢ እቲ ከባቢ፥ ኣብ ኣብያተ-ጽሕፈታት ናይ'ቲ ስርዓት እናኸደ ጥርዓናቱ ከቕርብ እኳ እንተፈተነ፣ ክሳብ ሕጂ ግን ሰማዒ እዝኒ ኣይረኸበን። መልሲ ተኸለብርሃን ዝተባህለ ኣካየዲ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ነዚ ጥርዓናት'ዚ፥ "ኣነ፥ ፈጻሚ እምበር፥ ክውስን ዝኽእል ኣካል ኣይኮንኩን" ዝብል ምዃኑ፥ እሙናት ምንጪታት ካብ'ቲ ከባቢ ይሕብሩ።